# ጥምረት ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ውድባት ሰሜን
# ኣሜሪካ ንሰላማዊ ሰልፊ ጀኔቫ ደገፉ ይህብ

ጥምረት ፖለቲካዊ ውድባት ሰሜን ኣሜሪካ (ጥ.ኤ.ፖ.ውሰ.ኣ) ኣብ ጀኔቫ ዝግበር ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ዘለዎ ልባዊ ደገፍ እናፍለጠ፣ ነቶምነዚ ፕሮጀክት'ዚ ንምዕዋት ለይትን መዓልትን ዝጽዕቱ ዘለዉ ዜጋታትና ድማ ዘለዎ ኣድንቖት ይገልጽ። ጥ.ኤ.ፖ.ውሰ.ኣ ኩሉም ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ <u>ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ሲቪክ ማሕበራትን፣ ህዝባውያን ባይቶታትን</u> ከኣ ብዝተጠርነፈ መንገዲ ሜላእኽቶም ከሙሓላልፉ ይላቦ። እዚ ሰልፍዚ፣ ሰላም ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እናቃለሐ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ግን ንሰላም ባይታ ዝኾኑ ረቛሒታት ማስረታዊ ሰብኣዊ ማሳላት ናይ ምጽሓፍን፣ ምዝራብን፣ ምንቅስቓስን ምእካብን ብማስረቱ ከኣ ቅዋሚውን፣ መንግስታውን፣ ሲቪካውን፣ ሰብኣውን፣ ሃይማኖታውን፣ ሰዓተሕጋውን፣ ማሳል ዜጋታትናን ዘየካተተ፣ ብሓደ ውልቀሰብ ዝምላኽ መንግስቲ ስለ ዘሎ፣ ዝኾነ ስምምዓት ክትግበር ዘይከኣል ምዃኑ ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያን፣ ዘባዊ ደውላዊ ጥርናፈታትን፣ ንመንግስታት ዓለምን፣ ሜላእኽቲ ከሕልፍ ንርኢ።

ጥ.ኤ.ፖ.ውሰ.ኣ ንኹሉ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝግበር ቃልስታት ድሕሪ ሰላማዊ ሰልፊ ኣኣብ ከተምኡ ተማሊሱ፣ <u>ብህጹጽ</u> 1. ጥምረት ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባትን፣ 2. ሓባራዊ ስራሕ ምዝጉባት ሲቪክ ማሕበራትን፣ 3. ህዝባዊ ባይቶታት እናኣቖመ ከኣ <u>**ሰለስቲኡ ጨንፈራት ወዳቤታት**</u> ብሓደ ናይ ምውኽኻስ ጽላል ዝሰርሓሉ መደባት ከውጽእ ጽኑዕ እምነትና እዩ። እብ ርእሲኡ እቲ ንነዊሕ እዋናት ብጎረባብቲ ሃገራት ተጸዊዑ ብሕቡራት መንግስታት ከኣ ዝተደንገገን፣ ዝተተግበረን፣ ኣብ ልዕሊ ሜራሕቲ ህግደፍ ሜዕቀብ ዝገበረ ውሳኔታት፣ ክሳብ ቅዋማዊ መንግስቲ ዝትከል ኣብቦትኡ ክጸንሕ ነማሕጽን። በዚ ኣጋጣሚዚ ድማፖለቲካዊ እሱራትናን፣ ካልኦት ናይ ሕልና ሕዩራትን፣ ብህጹጽ ክፍትሑ፣ ወፍሪ ባርነት ከብቅዕ፣ መንእሰያትና ከኣ ነናብ ቤቶም ተማሊሶም ነጻ ህይወቶም ክሚርሑ ኣምሪርና ነማሕጽን።

ጥምረት ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ውድባት ሰሜን ኣሜሪካ

ነሓሰ 19, 2018